# ምንቕቓሕ 6ይ ክፋል

ቤተክርስትያን ኤርትራ ኣብ ታሪኻ እተፈላለዩ ማዕበላት ምንቕቓሕ ኣሕሊፋ እያ። ይኹን እምበር ሽቶ ምንቕቓሕ ኩሉ ጊዜ *ምቕናዕ* (Re-formation) ስለዝኾነ ብዝተፈላለዩ ምኽንያታት እቶም ምንቕቓሓት ኣብኡ ከይበጽሑ ተኾሊፎም ይርኣ። ብርግጽ ኣብ ስሳታትን ሰብዓታትን ዝነበረ ምንቕቓሕ ብዙሓት ሰባት ናብ መንግስቲ ኣምላኽ ምጽንባር ምኽንያት ኮይኑ ከምዝኾነ ኣይዝንጋዕን እዩ። ኣብ መወዳእታ ሰማንያታትን መፈለምታ ተስዓታትን እተላዕለ ምንቕቓሕ ድማ ብወገኑ ነቶም ኣብ ትሕቲ ኦርቶዶክሳዊትን ካቶሊኻዊትን ቤተክርስትያናት ዝነበሩ ኣመንቲ ብተሃድሶኣዊ ምንቅስቓስ ናብ ምንቅስቓስ ጴንጠቆስጣውያን ክፈልሱ ምኽንያት ገይሩ እዩ። ኣብ እዋን ናጽነትን ኣብታ ተኸፊታ ዝነበረት መስኮት መንፈሳዊ ናጽነት ድማ “ ወፍሪ ወንጌል ምብራቕ ኣፍሪቃ “ በዝብል መርሕ እተላዓዓለ ምንቕቓሕ ዘይርሳዕ እዩ። ካልእ'ውን ካብ ፍልጠተይ እተሰወረ ክነብር እይኽእል እዩ ኢለ እየ ዝኣምን።

ተኾሊፉ ዘብለኒ ዘሎ *ድምር* ናይ እዞም ኣብ ታሕቲ ዝዘርዘርክዎም ምቕንዓት እተሰነድ ጭብጥታት ዘይምርካበይ እዩ፡

- *መዋቕራዊ ምቕንዓት*
- *ህያባት መንፈስ ቅዱስ ዘተሳስእ ምቕንዓት*
- *መራሕቲ ዝወልድ ምቕንዓት*
- *ሕብረተሰብ ጸላዊ ምቕናዓት*
- *ወንጌል ኣብ ዘይተሰብኮ ምትካል ሓደሽቲ ማሕበራት ዘተኮረ ምቕናዓት*
- *ሃገር ከደን ዝኾኑ መንፈሳዊ ምቕንዓት*

ብርግጽ እቲ ምኹላፋት *ፓሎቲካዊ* ድርኺታትን ድፍኢታትን እንተነበሮውን እቲ ኣብቲ ዝነበረ ምንቕቓሕ እተወልደ ኣማኒ ኣብ ውሽጡ ነዚ ከንጸብራቕ ወይውን ክጽዕት ዝለዘይርኣኹ እዩ። ነቓፊ ክኸውን ደልየ ዘይኮንኩስ እቲ ሃጓፍ እርኢ ስለዘለኹ እየ።ከመይሲ ክሳብ ሕጂ እዋን በዚ መለክዒ ዝምዘን ወይውን ነዚ መለክዒ ብቲዮሪ ክተግህ ዘይምርኣየይ እዩ። ካብ ታሪኽ እንተዘይተማሂርና ድማ ነቲ ኣብ ታሪኽ እተሰርሐ ጌጋ ክንደግም እተፈረድና ኢና ንኸውን።

ቀሊልን ርእዩን ኣብነት ክንወስድ *መን ይምርሓና* እምበር *ብምንታይ ንመራሕ* ኣይኮነን ዘባእሰና። እቲ እንምርሓሉ ትሕተ ቅርጺ ምስ ወዳእና ብቕዓት ወይ ጻውዒት ኣብ ሕቶ ከየብጻሕና “ እታ *መንበር እዩ ኮፍ ክብላ?* “ ዝብል ሕቶ ኣብ ምፍልላይ የብጽሓና። ምፍልላያትና ሱሩ እንተተፈቲሹ ኣብ ዝኾነ ሃገር ይኹን ማሕበር እንኮ እትደጋገም ምኽንያት ንሳ እያ። ብሓንቲ ኩነት ጥራይ ንኹሉ ክድምድሞ ኢለ ዘይኮነስ ኣብዛ ሓጻር ጽሕፍቲ ከስፍራ ዝኽእል ኣብነት ስለዝረኸብኩ እየ።

Thomas J. Nettles ኣብ “ “ እትብል መጽሓፉ ገጽ 24 እታ ኣድማሳዊት ማሕበር ኣምላኽ ብስነመለኮታዊ ርድኢታ፤ ሞራላዊ ኣካይዳኣ፤ መንፈሳዊ ኣንፈታ ፤ኣቕላስያዊ ትሕተ ቅርጻ ክፈርስ ክብል ከሎ ኣምላኽ ብምንቕቓሕ ኣቢሉ ምቕናዕ ኣምጺኡላ። ቀጺሉ ይብል Nettles ሰለስተ ነጥብታት ምንቕቓሕ ሰረተ እምነታዊ ምቕናዕ፤ ተሞክሮኣዊ ትግባረ፤ ፍሉይ ተሞክሮታት ምቕናዕ ፤ ተራእዮም እዮም።

Post Reformation Spiritual transformation ድሕረ ምቕናዕ ዝመጸ መንፈሳዊ ተሓድሶ ኣብ እተፈላለዩ ጽፍሕታት ከም ስኮትላንድ ኣየርላንድን ዓዲ ድንግሊዝን ሕቡራት ኣሜሪካ ከይተረፈ ዝነበሩ ቤተ እምነታት ከም እኒ ፑሪታንስ፤ ፕሬስብቴርያን ዝኣመሳሰሉ በጺሑስ መሰረተን ዘነቓንቕ ለውጢ ኣምጺኡ እዩ።

ካብ ታሪኻዊ ድሕረባይታኡ እትሒዙ ምቕናዕ ኣብ ዝሓለፉ ወለዶታት ኣብታ ማሕበር ኣምላኽ ዘምጽኦ ጽልዋ ብሰፊሑ እንርእየሉ መድረኽ ኣብ ቅድሜና ኣሎ። ከም ሃገርን ህዝብን ካብ ታሪኽ ክንምሃር ስለዘሎና እሞ ድማ ኣብ ታሪኽ እተገብሩ ጌጋታት ምእንቲ ከይድገሙና ክብል ካብቶም ኣብ ታሪኽ ምንቕቓሕ ብሉጽ ፍልጠትን ተሞክሮን ዘለዎም ጸሓፍትን መራሕትን እናተወከስኩ ከቕርበልኩም እዕጠቕ ኣለኹ።